ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
ቤት ፅሕፈት ፕረዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
THE NATIONAL REGIONAL STATE OF TIGRAI
PRESIDENT OFFICE OF THE SUPREME COURT

ቁፅሪ 01/ፕ20/209/16
Ref.no

ዕለት 30/05/2016
Date

ናብ ኩለን መጋባእያታት ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ

ናይ ______________________________ ብፅሒት

ናብ ኩለን ማእኸላይ ኣብያተ ፍርዲ

ናይ ______________________________ ብፅሒት

**ኣብ ዘለውኦ፤**

ዋኒኑ:- መምርሒ ዳግም ምትዕርራይ መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ ምልኣኽ ይምልከት፤

ዝተዳለወ መምርሒ ዳግም ምትዕርራይ መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ ቁፅሪ 2/ 2016 ዓ/ም ምስዚ ይ መሰነይታ ደብዳበ ተተሓሒዙ 06 ገፅ ዝተልኣኸ ምዃኑ እናሓበርኩ፣ ብቕልጡፍ ኣብ ትሕቲኹም ናብ ዝርከባ ኣብያተ ፍርድን መጋባእያታትን ከመሓላለፍ ብምግባር ንተግባራውነቱ ስጡም ደገፍን ክትትልን ንክግበር የተሓሳስብ ::

ቅዳሕ ዝተገበረልኩም ኣካላት እውን ነዚ ይ ፈሊጥኩም ኣብ ስራሕ ክውዕል ናይ ባዕልኹም እጃም ክትፃወቱ በዚ ይ ኣጋጣሚ ይላበ ::

ምስ ሰላምታ

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

ዶ/ር ፀጋይ ብርሃነ ገብረትክለ
ፕሬዚደንት
Berhane Ghebretekle (PhD)
President

**ቅዳሕ**

- ኣካላት ፍትሒ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ

ናይ ______________________________ ብፅሒት

- ዋና ሬጅስትራር ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

**መቐለ**

## መእተዊ

ኣብ ክልልና ካብ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ.ም ጀሚሩ ብዘጋጠመና ኲናትን ግፍዓዊ ወራርን ምኽንያት ግዳይ ዘይኮነ ኣካል ማሕበረሰብ ኮነ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ኣብያተ ዕዮ ጻርጋ የለን ምባል ይከኣል፡፡ ቤት ፍርዲ ድማ ካብቶም ግዳያት ኲናት ሓደ ስለ ዝኾነ፤

ኣብ ክሊ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ኣብ ዝተቓፀለ፣ ዝጠፍኡ ወይ ድማ ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ኮይንካ ግልጋሎት ፍትሒ ምሃብ መፍትሒ ንምሃብ ስለ ዘፀግም መፍትሒ ምቕማጥ ኣገዳሲ ብምዃኑ፤

በቲ ኲናት ምኽንያት ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ዝተቓፀሉ፣ ዝጠፍኡ ወይ ድማ ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ መሰረት ገይሮም ንዝመፁ ሕቶታት ፍትሒ ኣብ ኣተኣላልያ መዛግብቲ ኣመልኪቱ ብብርኪ ክልል ተመሳሳሊ ዝኾነ ኣሰራርሓ ብምትእትታው ኣብ ኲሎም ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ዝግልገል ሕብረተሰብና ተመሳሳሊ ግልጋሎት ክረክብ ንምግባርን፤

ኣድላዪ ካብ ዘይኮነ ጥርዓናትን ምንግልታዓትን ክናገፉ ዝኽእል ባይታ ብምምችቻው ኣፈፃፅማ መደባት ኣብያተ ፍርዲ ብቐፃልነት ተጠናኺሮም ክኸዱ ንምግባር፤ በቲ ትካል ሚዛናውን ፍትሓውን ብዝኾነ መንገዲ መፍትሒ ኣንፈት ምቕማጥ ኣገዳሲ ብምዃኑ፤

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ኣብ ኲሎም ኣብያተ ፍርዲ ትግራይ ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ዝተቓፀሉ፣ ዝጠፍኡ ከም እውን ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ኣመልኪቱ ኣብ ስራሕቲ ግልጋሎት ጻይነት ንዝፍጠር ፀገም ንምቕናስ ብመሰረት ኣወዳድባን ስልጣንን ተግባርን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ንምውሳን ዝወፀ ኣዋጅ ቁፅሪ 332/2012 ዓንቀፅ 28/5/ ምስ ዓንቀፅ 42 ዝተደንገገ ብምግንዛብ ነዚ ቤት ፍርዲ ብዝተውሃቦ ስልጣን መሰረት እዙይ መምርሒ ኣውፂኡ ኣሎ።

## ክፍሊ ሓደ

## ሓፈሻዊ ሕጋገታት

### ዓንቀፅ 1፡ ሓፂር ርእሲ

እዙይ መምርሒ "መምርሒ ዳግመ ምትዕርራይ መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ቁፅሪ 2/2016 ዓ.ም " ተባሂሉ ክፅዋዕ ይካኣል።

### ዓንቀፅ 2፡ ትርጉም

ኣግባብ ኣገላልፃ እቲ ቃል ወይ ሓረግ ካልእ ትርጉም ዘውህብ እንተዘይተገልጸ ኣብዚ መምርሒ እዙይ፡-

1. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ እዩ።

2. “ቤት ፍርዲ” ማለት ወረዳ፣ ማእኸላይን ላዕለዋይን ኣብያተ ፍርዲ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ከምኡ እውን ኣብያተ ፍርዲ ፌደራል ዘጠቓለለ እዩ፡፡
3. “ዳይና” ማለት ብጉባኤ ተሓርዩ ኣብ ቤት ፍርዲ ብዳይነት ንኸሰርሕ ብቤት ምኽሪ ሽመቱ ዝፀደቐሉ በዓል ሞያ ሕጊ እዩ።
4. “ቤት ዕዮ” ማለት ብሙሉእ ይኹን ብኽፋል ብናይ መንግስቲ በጀት ዝንቀሳቐስ ክልላዊን ፌዴራላውን መንግስታዊ ትካል ወይ ድማ ብውልቀ በጀት ዝንቀሳቐስ ዘይመንግስታዊ ትካል እዩ።
5. "ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ" ማለት ነዚ መምርሒ ኣፈፃፅማ ክበሃል ብሕጊ ዝተጣየሸ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ክልል ትግራይ ዝውክል እዩ።
6. “ሰብ” ማለት ተፈጥሮኣዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃቦ ትካል እዩ።
7. “ **ዝተዓራረ መዝገብ** ” ማለት ነዚ መምርሒ ኣፈፃፅማ ክበሃል ሕቶ ምትዕርራይ ቅድሚ ምቕራቡ ኣብዚ ሕቶ ዝቐረበሉ ቤት ፍርዲ ኣብ ክይዲ ወይ ብዳይነት ተወዲኡ ዝሓደረ መዝገብ ኮይኑ ዝተቓፀሉን ዝጠፍኡን ዝተበላሸወን መዝገብ ምስ መርትዖኡ ዝምልከት እዩ፡፡

## ዓንቀፅ 3፡ ኣገላልፃ ፆታ

ኣብዚ መምርሒ ብተባዕታይ ፆታ ዝተገለፀ ንኣንስታይ ፆታ እውን ይሓውስ እዩ።

## ዓንቀፅ 4፡ ወሰን ተፈፃምነት

ተፈፃምነት እዚ መምርሒ ኣብ ኩሎም ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርድን ስሩዓት ኣብያተ ፍርድን ብሔራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ይኸውን።

## ዓንቀፅ 6፡ ሓፈሻዊ መትከላት

1. ኣብ ዝጠፍኡን ዝተቓፀሉን ዝተበላሸውን መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ ዘሎ ክሳሲ ወገን ናይ መዝገብ ይተዓራረየለይ ሕቶ እንተቕርብ ዳይነት ከፊሉ ወይድማ ብነፃ ዳይነት ተፈቒድሉ እናተርኣየሉ ከም ዝፀንሐ ቅብሊት ገንዘብ ወይ ናይ ነፃ ዳይነት ውሳነ ቅዳሕ ኣተሓሒዙ ክቕርብ ይግባእ፡፡
   እዚ መረዳእታ ንምቕራብ ዘይከኣል እንተኾይኑ ድማ ብቃለ መሓላ ኣደጊፉ እንተቕርብ ዝተኣናገድ ይኸውን፡፡
2. ተኸታዕቲ ወገናት ዋኒኖም ብዕርቂ ንክውድኡ ቐዳምነት ሂብካ ክስርሑሉ ይግባእ፤
3. ብኽፋል ኣብ ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ብቀሊሉ ኣስተኻኺልካ መዝገቡ ዝዕረ እንተኾይኑ ካብቲ ዝበፀሐሉ ብርኪ ዝቕፅል ይኸውን፡፡
4. ኣብ ክፍሊ ዓንቀፅ 9 ዝተቐመጡ ሕግታት ብመሰረት ሕ/ፍ/ስ/ስ/ቑ 6፣ 358 መሰረት ገይሮም ንዝቐርቡ ሕቶታት እውን ከከም ኣግባብነቱ ተፈፀምቲ ይኾኑ፡፡
5. ቕቡልነት መረዳእታ ኣመልኪቱ ውሳነ ናይ ምሃብ ስልጣን ናይቲ ዋኒን ዝሓዘ ዳይና ወይ ዳያኑ ኮይኑ እቲ መጋባእያ ዝሃቦ ብይን ነቲ መዝገብ ዘዕፁ እንተዘይኾይኑ ብስነ ስርዓቱ መሰረት ናብ ብልዕሊኡ ዘሎ ስልጣን ዘለዎ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ክሕተተሉ ዝኽእል መዝገቡ ዕልባት እንተረኺቡ ይኸውን፡፡
6. ወፃኢታት ዳግመ ምትዕርራይ ዝተቓፀሉን ዝጠፍኡን ከም እውን ዝተበላሸወ መዛግብቲ ብዝምልከት ናይ ቤት ፍርዲ ሕጋዊ ሓላፍነት ከምዘለዎ ሕልው ኮይኑ ካብ

ሓደ ቤት ፍርዲ ናብ ካልእ ቤት ፍርዲ ካብ ሓደ ቤት ዕዮ ናብ ካልእ ቤት ዕዮ ኣብ ዝግበር ምትእልላኸን ናይ ፎቶ ኮፒ ወፃኢታትን ሓዊሱ በቲ መዝገቡ ጠፊኡኒ ኢሉ ዝሓተተ ወገን ዝሽፈን ይኸውን፡፡

7. ኣብ ከይዲ ምትዕርራይ መዝገብ ዝወሃብ መዝገብ ቁፅሪ እቲ ነባር መዝገብ ቁፅሪ ይኸውን፡፡
8. እቲ ጠፊኡ ዝተብሃለን ኣብ ከይዲ ዝነበረን መዝገብ ብሙሉእ ትሕዝቶ ወይ ብክፈል ዝተረኸበ እንተኾይኑ፤ በየናይ መዝገብ ዕልባት ክወሃብ ይግባእ ዝብል ሓሳብ የማነ ፀጋም ሰሚዑ እቲ መዝገብ ይተዓራረየለይ ዝብል ጥርዓን ዝሓዘ መጋባእያ ብይን ክህበሉ ኣለዎ ፡፡ እዙይ ብይን እንትወሃብ ድማ ሽቶ ምርግጋፅ ፍትሒ ብዘሳኽዕ ይኸውን፡፡
9. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 8 መሰረት ገይሩ ንዝቐረበ ሓሳብን ክርክርን መሰረት ገይሩ ንዝወሃብ ብይን ኣብ ሰበር መጋባእያ ዝቐረበ እንተዘይኮይኑ ይግባኣኒ ክሕተተሉ ይኽእል፡፡
10. ክተዓረረ ዝድሎ ዘሎ መዝገብ ኣብ መጋባእያ ሰበር ዝድለ እንተኾይኑ ከይዲ ምርመራን ምዕራይ መረዳእታን ዝምልከት ናብ መጋባእያታት ይግበኣኒ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክመርሖ ይኽእል፡፡
11. ኣቐዲሙ ጠፊኡ ዝተብሃለ መዝገብ በቲ ሓዱሽ ዝተዓረየ መዝገብ ምስተተከአ ብሙሉእ ትሕዝቶ እንተተረኺቡ እቲ ናይ መጀመርያ መዝገብ ቅቡል ተገይሩ ብሕቶ ኣመልከቲ እቲ ዳሕረዋይ መዝገብ ብብይን ውድቂ ይግበር፡፡

## ዓንቀፅ 7 ፡ ከይዲ ምፅራይ ዝተቓፀሉን፤ ዝጠፍኡን ዝተበላሸውንን መዛግብቲ

1. ዝርዝር ምዕራይ ዝጠፍኡን ዝተቓፀሉን ከም እውን ዝተበላሸው መዛግብቲ ኣብያተ ፍርዲ ብዝምልከት በቢ ብርኩ ዝርከቡ ፕረዚደንትታት ዘባን ወረዳን ሬጅስትራር ዝመርሖ ካብ 3-5 ኣባላት ዘለውዎ ኮሚቴ ኣጣይሾም ዝርዝር ዝጠፍኡ መዛግብቲ የውፅኡ ወይ ይፈልዩ ፡፡
2. ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ድማ ናይ ገበንን ፍ/ብ/ሄርን ሰበርን መጋባእያታት ረጅስትራራት ሕድሕዶም ዝመርሕዎ 3 ኮሚቴ ተጣይሹ ዝርዝር ዝጠፍኡን ዝተበላሸዩን መዛግብቲ ክፈሊ ኣለዎ፡፡
3. ውዳበ ኮሚቴታት ዝምልከት በቢ ብርኩ ዘሎ ናይ ክፍሊ ረጂስትራር መሪሕነት ናይቶም ኣባላት ናይ መዝገብ ቤት ስራሕ ልምዲን ተዛማዲ ስራሕን ብምግንዛብ ብዕቡቕ ስነ ምግባር ዝፍለጡ ኣባላት ብምሕራይ ይጣየሽ፡፡
4. ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ዝተቓፀለ፣ ዝጠፍኡ ወይ ድማ ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ዘለዎ ወረዳ ቤት ፍርዲ ብርግፅ እውን እቶም መዛግብቲ ዝጠፍኡ ዝተቓፀሉ ከም እውን ዝተበላሸው ብምባል ኣረጋጊፁ ዝርዝር መዝገብ ቑፅሪን ሽም ተኻታዕቲን ናብ ብልዕሊኡ ዘሎ ማእኸላይ ቤት ፍርዲን ንህዝብን ክፍልጥ ይግባእ፡፡
5. ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ድማ ናይ ባዕሉን ናይ ወረዳታትን ዝርዝር ዝጠፍኡን ዝተቓፀሉን ክምእውን ዝተበላሸው መዛግብቲ ብወረደኦም ፈልዩ ጠሚሩ ናብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ክፍሊ ረጂስትራር ይልእኽ፡፡

6. ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክፍሊ ዋና ረጅስትራር ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ መጋባእያታትን ካብ ሰር ኣብያተ ፍርዲን ዝለኣኽሉ መረዳእታ መሰረት ብምግባር ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ዝተቓፀሉ፣ ዝጠፍኡ ወይ ድማ ዝተበላሸዉ መዛግብቲ ዝርዝር ንህዝቢ ግልፂ ይገብርን ብሰነድን ሶፍት ኮፒን ድማ ዳታ ይሕዝ።
7. ኣብ ማሕበራዊ ኣብያተ ፍርዲ ዝጠፍኡ መዛግብቲ ንዝግበር ምዕራይ ብዝምልከት ወረዳ ፕሬዝዳንት ብዘማርያም ኣብ ስራሕ ዝርከቡ ሰለስተ ዳያኑን ሓደ ጣብያ ዓ/ሕግን ከም ኮሚቴ ብምውዳብ ወረዳ ቤት ፍርዲ ቴክኒካዊ ድጋፍ ይገብር፡፡
8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 7 ዝተጠቐሰ ስራሕቲ ናይ ማተርያል ይኹን ናይ ፋይናንስ ድጋፍ እንትሓትት ወረዳ ቤት ፍርዲ ፕሬዝዳንት ነቲ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝርከበሉ ወረዳ ምምሕዳርን ጣብያ ምምሕዳርን ብደብዳቤ ክፈልጡ ብምግባር ንተፈፃምነቱ እውን ይከታተል፡፡
9. ኣብ ከይዲ ምዕፋፍ መዛገብቲ ጠፊኡ ዝተብሃለ መዝገብ እንትርከብ ንዝምልከቶ ኩሉ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰሙን ግቡእ ብዝበሃል ኣገባብ ክፈልጦ ይግበር፡፡

## ዓንቀፅ 8 ፡ ቅደም ሰዓብ ከይዲ ምትዕርራይ መዝገብ

## እቲ መዝገብ:-

ሀ. ኣብ ውሳነ ዝሃበ ቤት ፍርዲ ዝድለ እንተኾይኑ ካብ ይግባኣኒ ሰማዒ ቤት ፍርዲ ወይ ካብ መጋባእያ ሰበር ክስሓብ ብምግባር፤

ለ. ኣብ ይግባኣኒ ሰማዒ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ መጋባእያ ሰበር ዝድለ እንተኾይኑ ድማ ካብ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ ካብ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ክስሓብ ብምግባር፤

ሐ. ቅዳሕ ውሳነ ተዋሂብዎም ካብ ዝነበረ ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ፤ ውልቀ ትካላት ከም እውን ውልቀ ሰባት ክስሓብ ብምግባር፤

መ. ብሶፍቲ ኮፒ ሒዝዎም ካብ ዝነበረ ኣካል እንትቐርቡ በቲ መረዳእታ ዘለዎ መደበኛ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ እናተረጋገፀ እንትቐርብ፤

ረ. ኣብ ውልቀ ጥርዓናት መሰረት ገይሮም ኣብ ዝወሃቡ ውሳነታት ዝምልከት እንተኾይኑ ቃለ መሓላ መመልከቲ መሰረት ብምግባር፤

ሰ. ተኻታዕቲ ወገናት ዝተኣማመንሉ መገናዘቢ ዘይብሉ መረዳእታታት ንሕጊ ይኹን ንሞራል ተዘይተፃረሩ እቲ መረዳእታ ተቐባልነት ክህልዎ ብምግባር ዝተዓረረ ይኸውን፡፡

## ክፍሊ ክልተ

## ኣግባብ ዳግመ ምትዕርራይ መዛግብቲ

**ዓንቀፅ 9፡ መዝገብ ዝተዐራረየሎም ዋኒናት፡-**

ሀ. ዋኒናት ፍትሓብሄር

ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ

1. ውሳነ ቅዳሕ ይወሃበኒ ኣብ ዝብሉ ጥርዓናት፤
2. ብቀዳማይ ብርኪ መቃወምያ ተዓፅዮም ኣብ ዝነበሩ ዋኒናት፡-
3. ተኸሳሲ ብዘየለወሉ ንክርአ ተዋሂቡ ኣብ ዝነበረ ብይን ዝቕፅለሉ ኣገባብ፤
4. ሰነድ መርትዖ ተኸራኸርቲ ወገናት እንትጠፍእ፤
5. ብነጥቢ ተመሊሶም ኣብ ዝነበሩ መዛግብቲ ዝምልከት፡-
6. ኣብ ብርኪ ቃል ክትዕ ወይ ንፍርዲ ተቆፂሩ ዝነበረ መዝገብ ዝምልከት፤
7. ተኻታዒ ዘይብሎም ብኣመልካቲ ዝቐርቡ ዋኒናት ዝምልከት፤
8. ኣፈፃፅም ክሲ ንምቕራብ ዝሕተት ውሳነ ቅዳሕ ዝምልከት፤
9. ኣብ ይግባኣኒ ሰማዒ ናይ ፍርዲ ብዓል ሃፍቲ ዝኾነ ወገን ኣብ ሱር ቤት ፍርዲ ዘፈፀሞ ውሳነ ዝምለሰሉ ኣገባብ፤
10. እግድ ንክለዓል ዝቐርብ ጥርዓናት፤
11. ካልኦት ተመሳሰልቲ ጻይነት ዝጠልቡ ዋኒናትን፡፡

## ለ. <u>ዋኒናት ገበን መዛግብቲ</u>

ከይዲ ምትዕርራይ ዝካየደሎም ዋኒናት ገበን ኣብ ዓንቀፅ 8 ዝተቐመጠ ኣገባብ ኣተኣኻኽባ መረዳእታ ሕልው ኾይኑ፤ ሕቶ መዝገብ ይተዓራረየለይ እዞም ዝስዕቡ ዋኒናት እንትቐርቡ ማለት እውን ፡-

### 1. ተኸሳሲ ብዘየለወሉ ኣብ ዝተውሃበ ፍርዲ ንምልዓል

እቲ ዋኒን ኣብ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ዝድለ እንተኾይኑን ካብ ዝተወሰነሉ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ናብ ይግበኣኒ/ጥርዓን/ ሰማዒ ብርኪ ቤት ፍርዲ ብይግበኣኒ/ጥርዓን/ ዘይከደ እንተነይሩን ዓቃቢ ሕጊ መረዳእታ እንተዘይኣቕሪቡን ግና ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ዝተውሃበ ፍርዲ ወይ መዝገብ እንተዘይቀሪቡ ክተኣናገድ ኣይኽእልን

### 2. ሕቶ ኣመክሮን ምስያምን

ሀ. እቲ ዋኒን ኣብ ይግበኣኒ ሰማዒ ብርኪ ቤት ፍርዲ ዝድለ እንተኾይኑ ነቲ መዝገብ ዘድሊ መረዳእታ ኣብቲ ፈላማይ ብርኪ ቤት ፍርዲ ወይ ማሕበራዊ ቤት ፍርዲ ይኹን ኣብ ይግበኣኒ ሰማዒ ብርኪ ቤት ፍርዲ ዘይርከብ እንተኾይኑ ግና ናብ ቤት ህንፀት ዝተልኣኸ መእሰሪ ትእዛዝ ምስ ቤት ህንፀት ዝልእኾ ቕጥዒ ኣመኩሮ ብቓለ መሓላ ኣደጊፉ ንክቐርብ ይግበር፡፡

ለ. ኣብ ልዕሊ ተኸሳሲ ተመሓላሊፉ ዝነበረ ፍርዲ ኣብ ፕሮቶኮል ወይ ዳታ ቤት ፍርዲ እንተሃልዩ እቲ ብቤት ህንፀት ዝለኣኸ ቕጥዒ ኣመኩሮ ክገናዘብ ብምግባር፤ ክተኣናገድ ይኽእል።

### 3. ጥርዓን ኣብ ፖሊስ ዝተኣሰርክዎ ይተሓሰበለይ

ላዕላዋይ ቤት ፍርዲ
ክልል ትግራይ

ካብ ፖሊስ መረዳእታ ክቐርብ ብምግባር ዝተኣናገድ እንተኾነ እውን መሰረቱ ኣብ ፍርዲ ዝነበረ ትሕዝቶ ውሳነ ቅፅዓት ብምኳኑ ፍርደኛ እቲ ፍርዲን ቅፅዓት ውሳነን እንተዘይኣቕሪቡ ክተኣናገድ ኣይኽእልን፡፡

4. **ጥርዓን ውሕስና ይለዓለለይ፤ይመለሰለይ ወይ ይቀየረለይ**

ነቲ መዝገብ ዘድሊ መረዳእታ ኣብ ዝኾነ መንግስታዊ ይኹን ዘይመንግስታዊ ትካል ወይ ድማ ውልቀ ሰብ ዘይርከብ እንተኾይኑ ክተኣናገድ ኣይኽእልን፡፡

5. **ጥርዓን ውሳነ ቅዳሕ ይወሃበኒ ዝብል**
6. **ካልኦት ኣብዚ መምርሒ ዘይተዘርዘሩ ዳይነት ዝጠልቡ ዋኒናትን** ኣመልኪቱ ዝትግበር ይኸውን ፡፡

**ዓንቀፅ 10፡ ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታትን ኣሰራርሓታትን**

ነዚ መምርሒ እዚ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ፣ ኣሰራርሓ ወይ ውሳነ ተፈፃምነት የብሉን።

**ዓንቀፅ 11፡ እዚ መምርሒ ተፈፃሚ ዝኾነሉ እዋን**

እዚ መምርሒ ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 30/05/2016 ዓ.ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ፀጋይ ብርሃነ ገብረተኽለ (ዶ/ር)

ፕሬዚደንት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ክልል ትግራይ